ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንሎጅስቲክስ ዝጥቀመሎም ዝነበሩ ኣብ ግልጋሎት ዝወዓሉን ዘይወዓለን ንብረት ኣብ መኻን ዝርከብ ሓዱሽ ጭረት በዓል 50 ኪ/ግ ኣወዳዲሩ ብጨረታ ክሸይጥ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጉንበት 26, 2016 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 7, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓኒ ዋጋ:1%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 7, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቕሑት መሸጣ/

ምልክታ ጨረታ

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንሎጅስቲክስ ዝጥቀመሎም ዝነበሩ ኣብ ግልጋሎት ዝወዓሉን ዘይወዓለን ንብረት ኣብ መኻን ዝርከብ ሓዱሽ ጭረት በዓል 50 ኪ/ግ ኣወዳዲሩ ብጨረታ ክሸይጥ ይደሊ ። ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትሳተፉ እትደልዩ ዝስዕብ ረቓሒ እተማልኡ ተወዳደርቲ ክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ዝተሓደሰ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ፣ድኣንት ንዝኾኑ ድማ ዝተሓደሰ ናይ ድኣንት ሰርትፊኬት፣ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለዩ ቁፅሪ( ቲን ቁፅሪ) ብቅዳሕ ( ኮፒ )፣ ናይ ነባራይነት መለለይ መንነት መታወቅያ ካርድ ክተሓሕዝ ዝኽእል።

2. መጫረቲ ሰነድ ንተወዳዳርቲ ክፉት ኮይኑ ዝፀንሐሉ ካብ ዕለት 23/09/2016 ክሳብ ዕለት 7/10/2016 ዓ/ም ስዓት 4:00 ቅደሚ ቀጥሪ ይኸውን ። ጨረታ ዝዕፀወሉ 4:00 ተዓፅዩ ዝኽፈተሉ ድማ ብተመሳሳሊ ዕለትን ስዓትን 4:30 ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት ከይኑ ግና ተጫረትቲ ዋላ ኣይረኸቡ ነቲ ጨረታ ዘዕንቅፍ ኩነታት እንተዘይሃልዩ ጨረታ ዝኽፈት ይኸውን ።

3. ተጫረቲ ናይ መወዳደሪ ሰነድ ካብ ቀበሌ 03 ድሕሪ ጥቓ እንዳማርያም ጉጉሳ ቤተ ክርስትያን ኣግኣዚ ህንፃ ዝርከብ ቤት ፅሕፈትና ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ዘይምለስ 300 ብር ብምኽፋል ካብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ብምውሳድ ይኽእሉ።

4. መኸበሪ ጨረታ( CPO) ወይ ብጥረ ገንዘብ ካብ ዝመለኦ ጠቕላላ ዋጋ 1% ብሽም ቤት ፅሕፈትና ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቀለ ክትሕዝ ዝኽእል።

5. ጨረታ ኣብ ኣየር ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ካብ ዝተቐለሐሉ ጀሚሩ ን15 መዓልትታት ይኸውን

6. ተዓዋታይ ስዓራይ ምኹኑ ብደብዳቤ ካብ ዝተገለፀሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 7 ናይ ስራሕ መዓልትታት ናይ ዝስዓሮ ጠቐላላ ዋጋ ኣታዊ ብምግባር ንብረቱ የልዕል፡

7. ተዓዋታይ ኣብ ውሽጢ 7ተ ናይ ስራሕ መዓልትታት ናይ ዝተጫረተ ጠቅላላ ዋጋ ሙሉእ ክፍሊት ብጥረ ገንዘብ ብምኽፋል ኣብ ለምለም ሕሩጭ ፋብሪካን ካብ ኢንዳሰትርያል ፓርክ ኣብ ዝርከብ ግዝያዊ ናይ ሎጅስቲክስ መኽዘን ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት ከልዕል ዝኽእል ።

8. ተወዳደርቲ ናይ ጭረትን ካልኦት ንብረታት ወካሊ መርኣያ( ሳምፕል)ኣብ ቤት ፅሕፈትና ብኣካል ብምርኣይ መወዳዳደሪ ዋገኦም ክማልኡ ይኽእሉ ወይ ይግባእ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ቤት ፅሕፈትና ካብ ዘቕረቦ መበገሲ ዋጋ ኣብ ተራ ቁፅሪ 1 ንበዓል 50 ክ/ግ ንዝቐረበ ዋጋ ብተናፀል ወይ ድማ ጠቕለላ ዝለዓለ ዋጋ ንዘቕረቡ ተወዳዳርቲ ተዓወቲ ይገብር።

10. ዝኾነ ተጫረቲ ድሕሪ ምዕፃው ካብ ጨረታ ምውፃእ ኣይከኣልን ።

11. ተወዳዳረቲ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ጉጅለ ንብረት ምምሕዳር ቢሮ ቁፅሪ 8 ምግዛእ ትኽእሉ።

12. ናይ ጨረታ ሰነድ ብፖስታ ተዓሽጉ ናይ ተጫራታይ ሽምን ፊረማን ( ማህተም) እንተልዩ ማህተም ብምግባር ኣብ ቤት ፅሕፈትና ዘተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ምእታው ይኽእሉ።

13. ቤት ፅሐፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ወይ ብምኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

14. ኣድራሻና ቀበሌ 03 ድሕሪ እንዳማርያም ጉጉሳ ቤተ ክርስትያን ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ምምሕዳር ከተማ መቐለ እዩ።

15. ኣብ ከይዲ ጨረታ ንምዝባዕ ዝፍትኑ ተጫረትቲ ካብ ጨረታ ወፃኢ ከመ ዘኾኒን ንቐፃሊ ውን ኣብ ናይ ጨረታ መንግሰቲ ከይሳተፉ ከም ዝግበርን ካልኦት ኣድለይቲ ስጉምቲታት ምወሳድ ክም ዘከኣል ክፈልጡ ይግባእ።

1. ዝርዝር ድሌት መግለፂ ንጨረታ ዝቐረቡ ንብረታት

| ሪጋ | ዓይነት ንብረት | ኩነታት ንብረት | መዐቀኒ | በዝሒ | ናይ ሓደ ዋጋ | ጠቕላላ ዋጋ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ባዶ ጭረት ሓዱሽ በዓል 50 ኪ/ግ ኣብ ቱማክ ናይ ጭረት ፋብሪካ ዝተመረተ ሕትመት ዘይብሉ | ሓዱሽ | ቁፅሪ | 130,000 | | |
| 2 | ጀሪካን በዓል 20 ሊትሮ | ዘገልገለ | ቁፅሪ | 280 | | |
| 3 | ቁርፅራፅ ጨርቃ ጨርቂ ተረፍ / ምህርቲ ብግምት 16250 ኪሎ ዝምዘን | ቁርፅራፅ | ብኪሎ | 16250 | | |

ምስ ሰላምታ

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ

ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ከ/መቐለ

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle